ቅሉዕ መልእኽቲ ተረኽቦ ናይ ሓንቲ ቤተ ክርስትያን በርሊን ንኻልኣይ ጊዝይኡ ዝለኣኽ ሓበረታ: 30 ሕዳር 2017

ቤተ ክርስትያን ኩሉሳዕ ካብ ኣመንቲ ኣይኮነትን ትጉዳእ። ኣብ ውሽጣ ካብ ዝርከቡ መራሕቲ ሃይማኖት ኢና ዝበሉ ውሑዳት ስሱዓትን ፍትሓዊ ምሕደራ ብእተሳእኖ መንግስትን ጥራይ እያ ትጉዳእ። ንሳቶም እዮም ከኣ መንግስቲ ኢድ ኣእትዩ ክርምሳ ማዕጾ ዝኸፍትሉን ባይታ ዝምድምዱሉን፣ ነቲ ስርዓት ተጸጊዖም ድማ ምእመናን ዝሕምሱን። ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ተጸፍዮም ሰለይቲ ናይቲ ስርዓት ኮይኖም ዝዕሰቡ ካህናት ሰብ ሽጓጉጢ ውሑዳት ኣይኮኑን። ከምኦም ዝበሉ ሰብ ጉንዖ እዮም ድማ መብዛሕትኦም ናብ ድያስፖራ ወጺኦም ብስም ሃይማኖት ዞባዊ ንኡስ ሃገረ ስብከት ዘቑሙን ብኤምባሲታት ህግደፍን ማሕበረ-ኮማትን ኣድላይ ዘበለ ምትሕብባር ዝግበረሎምን። ኣብኡ ኮይኖም እዮም ድማ! ነቶም ብደገ-ደገ ዝጸንሑ ካህናት ዝዓስቡዎም። ዘቖሙወን ማሕበራት ከኣ ከም ዝዘርጉወን ዝገብሩዎም። ብኤምባስታትን ማሕበረ-ኮማት ህግደፍን ዝመሓደራ ቤተክርስትያን ካብ ፖለቲካ ነጻ እየን ምባል ከቶ! ኣይከኣልን። ነዚ ኣብ ገምጋም ዘእተወ እምበኣር ካብዙይ ንታሕቲ ምንባብ ሓደ ርኡይ ኣብነት ክኾነና እዩ።

ሕንፍሽፍሽ ምእመናን ኣብዛ እትጥቀስ ዘላ ቤተክርስትያን በርሊን ጥራይ ኣይኮነን ፈሊሙ።  ኣብ ሙሉእ ዓለም ፋሕ ኢሉ ዝርከብ ተኸታሊ ኦርተዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ዝጸንሐን ዝቕጽል ዘሎን ሽግር እዩ።

21 ሕዳር 2017 ሓደ ሓበሬታ ወስ ኣቢለ ምንባረይ ኣይዝንጋዕን፣ ብዛዕባ ኣብ ቤተክርስትያን ቁዱስ ገርጊስ።  ኦርተዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራውያን፣ በርሊን። እዛ ንጠቕሳ ዘሎና ኦርተድፐክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ብሓተትቲ ዑቕባ ፖለቲከኛታት ኤርትራውያን ዝቖመት እያ። ቀሳውስታ ይኹኑ ድያቆናታን መዘምራናን ዝኾኑ፣ ኩሎም ሓተትቲ ዑቕባ ፖለቲከኛታት እዮም። መቸም ኣብዙይ ኣነ ብፖለቲካ ኣይሓተትኩን ዝብል ዋላ ሓደ ዘሎ ኣይመስለንን። ኣነ ዝብል እንተሎ ድማ  ጉልባቡ ቀሊዑ ብንጽህና ክብድህ ጽቡቕ እዩ። ስለ ምንታይሲ ናይ መርገጽ ጉዳይ ስለ ዝኾነ። ኣብ ምብራቕ ጀርመን ዝትከላ ካብ ዘለዋ ቤተክርስትያናት ስደተኛታት ኤርትራ! ቤተ ክርስትያን በርሊን ብቐዳምነት ትስራዕ። ስለ ዝኾነት እያ ድማ! ናብ ኩለንተን ማሕበራት ኣብ ምስራዕ ዝርከባ ናይ ምብራቕ ጀርመን ግዝኣታት ንጡፍ ኣገልግሎት ክትህብ ዝጸንሐት። ብኡ መሰረት ኣድናቖትን ተፈታውነትን ኣሕደረት። ካህናታ ብህዝብን ምእመናንን ተኣማንነት ኣሕደሩ። ቅድሚ ታቦት ምምጻእን ድሕሪ ታቦት ቅዱስ ገርግስ ምምጽኡን ዝነበረ መንፈሳዊ ኣገልግሎታት ምእመናን ብዝነኣድ ተገልጊሎም እዮም። እንተኾነ<<ሰይይጣን ሰይጣን ይብሉ መማህርና ክምህሩና ከለዉ፣ <<ወዮ ዘፍርህ ሰይጣንስ ሰተት ኢሉ ደኣ ኣተወ።

እስኪ መንዩ ሰይጣን ትብሉ ትኾኑ!! ንሱምበር እቲ ካብ ተጠኒሱ ካብ ዝውለድ ኣትሒዙ ጸረ ቤተክርስትያንን ህዝቢ ከበሳ ትግሪኛን ዝኾነ ድያብሎስ ህግደፍ ባዕሉ። ካብ ነብሲ ወከፍ ስድራ ክሳብ ሃይማኖታት ይኹን ማሕበራዊ ሂይወት ኣብ ምዝራግ ዝነብር ህግደፍ። ንሓደ ቀሺ ዓሲቡ ኣብ ሓንቲ ቤተክርስትያን ፋሕ-ፋሕ ንምእታው ሰዓታት ዘይወስደሉ ህግደፍ። ኦርተዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተክርስትያን ቅዱስ ገርጊስ በርሊን ድማ ተራኣ በጺሑዋ።

ግርጭት ናይ በርሊን፣ ብመሰረት ሓደ ኣላዪ ኦርተዶክሳዊትን ቤተክርስትያን ቁዱስ ገርግስ በርሊን ዝኾነ ካህን፣ ኣብዙ ከባቢ ዝነበሮ ተሰማዕነት ኣብ ግምት ብምእታው፣ እቲ ሕንፍሽፍሽ ናብ ኩሉ ከባቢታት እዩ ልሒኹ ዘሎ። ነታ ካብ ናይ ግብጺ ቤተክርስትያን ምስ ብጾቱ ጾይሩ ዘምጸኣ ታቦትን፣ ድሒሩ ድማ ሕጋውነት ከም ዘይብላ ዝገለጻን፣ መብርሂ ክህበና ጸዊዕናዮ ነርና። ብመሰረት ዝገበርናሉ መጸዋዕታ ፍቓደኛ ኮይኑ! 26 ሕዳር 2017 ዕለተ-ሰንበት  ኣስታት ካብ ሰዓት 12-16 ዝኸውን ብኣካል ተረኺቡ ብዝጥዕሞ መብርሂ ሂቡና። ጊዜ ብምሕጻሩ ዘይበርሁን እተዘሉን ሕቶታት ከኣ ነይሮም እዮም። ይኹን እምበር ነታ ካብ ናይ ግብጺ ቤተክርስትያን ጾይሩ ዘምጸኣ ታቦት እሞ ድሒሩ ሕጋውነት ኣይነበራን ዝበላ፣ ኣብ ቅድሜና ተረኺቡ ሕጋውነት ከም ዘይብላን፣ ካበይ ከም ዝመጸት እኹል መርተዖ ከም ዘለዎን፣ ቤተክርስትያን ግብጺ ከኣ! ከም ዘይፈልጣን፣ ብሓደ መንሳኛ ኤርትራዊ ከም እተረኽበትሞ ከምኣ ዘበላ ብርክት ዝበላ ዘይሕጋዊ ታቦታት ተዓዲለን ምህላዉውን ገለጸ። ነታ ኣብ በርሊን እትርከብ ሕጋውነት ኣልቦ ዝብላ ታቦት፣ ቃለይ እዩ ብምባልን ደጊሙ ብምርግጋጹ ኣዝዩ እዩ ዝምስገን፣ ከመይሲ ሓሶት እዩ ከምኡ ኣይበለን ዝብሉ ምስኡ ጥቡቕ ርክብ ካብ ዝጸንሖም ውሽጣውያን ጠበቓታት ቀንዮም ነይሮም እዮም።

ድሒሩ ዘረጋገጸልና እንተሎ ሃለዋት ኣቡነ ኣንጦንዮስ ንዝተሓተቶ እውን ብልክዕ ኣብ እሱር ቤት ምህላዎም ኣሚኑሉ ጥራይ ዘይኮነስ ምእሳሮም ዘይድግፍ ምዃኑ ብምርግጋጹ ይምስገን። እንተኾነ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ክእሰሩ ከለዉ ኣብቲ እዋንቱይ ኣባለት ተሃድሶ ዝነበሩ ጎኒ-ጎኖም ከምተኣሰሩ ብምግላጹ ናብ ተሃድሶ ከጺጋገዖም ዝእንፍት ይመስል።

ናይቲ ቀንዲ ዕላምኡ ናብ ሲኖዶስ ኤርትራ ናይ ምምላሱ ዘሎዎ ውሳኔ ውሳኔኡ ምኺኑ ድሕሪ ምርግጋጽ ናብ ሃገረ ስብከት ኦርተዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ዞባ ኤውሮጳ ድሮ ሓቲቱስ መልሲ ይጽበ ምህላዉ ኣረጋገጸ። <<ንመንግስቲ ኤርትራ ይቕረታ ሓቲትካዶ ንዝብል ሕቶ ክምልስ ከሎ<< ንመን ክሓትት ይቕረታ? ኣነ ይቕረታ ዝሓቶ ጉዳይ የብለይን ክብል መለሰ። ኣብዙይ እዩ እምበኣር እቲ ምስትውዓል ዝግበኦ ፖለቲካዊ ጸወታ!! ዋላ ብመንፈሳዊ ኣበሃህላ ይዘረብ-ይተንባህ፣ ስርዓት ህግደፍ ዘይፈልጥ ኣሎና ኣይንብልን፣ ኣይኮነንዶ ክኹንኑዎ ንዝጸንሑስ! ድምጾም ሓቢኦም ንዝጸንሑ ሰባት እንተኾነውን ናይ ጣዕሳ ወረቐት ዘይመልአን፣ 2% ዘይከፈለን ናብ ድርኩኹት ህግደፍ ይቐርብ ማለት! የዋህነት እዩ። ሃይማኖትን ፖለቲካን ዘራኺብ ስለ ዘይብሉ ኣነ ናብ ሲኖዶስ ኣምበር ናብ ስርዓት ህግደፍ ኣይተመለስኩን ክብል ከረድእ እዩ ዝፈተነ። ኣሃሃሃሃሃ፣ ክክክክ! እዙይስ ምስ ምንታይ ይቑጸር? መን ድዩ መራሒ ኦርተዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ኣቦነ ኣንጦንዮስ ን11 ዓመታት ሓይሩ ኦርተዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተክርስታያን ኤርትራ ፋሕ ብትን ኣቢሉዋ ዘሎ? ? ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ደኣ ቤት ማሕቡስ ኣለዋ ድዩ? እዙ ካህን ካብ ዘሎዎ ብልሒ ኣብ ግምት ብምእታው ነዙይ ኣይርደኦን ኢልካ መደምደምታ ዝወሃቦ ኣይኮነን። እንተኾነ እናሰምዐ ዘጽቀጠስ፣ እናሰምዐ ቅበሮ ዝብል ምስላ ኣበው ንኽምዙይ ዝመስል ስነ ምግባር እዩ ዘረጋግጾ። ኣብ መግለጺኡ ዝኾነ መንግስቲ ኣብ ሃይማኖት ብምጽጋዕ ስልጣኑ የናውሕ  ከኣ በለ። ዘይ ንሕና ከምኡ ኢና ዝበልና።  ብምቕጻል ሃለዋት ሕጋውነት ሲኖዶስ ኤርትራ ከብርሀ ንዙሕ ፈቲኑ፣ ጳጳስ እንተሞተ ሲኖዶስ ኣይመውትን፣ ንጉስ እንተሞተ ሃገር ኣይትመውትን፣ ብምባል ኣስተምግሮ ክህብ ፈተነ!  መንበረ ሲኖዶስ መን እዩ ዋነኣ ኣኽሊል ዙፋን ህግደፍ መንዩ ዋንኡ ንዝብል ሕቶ ግን ልዕሊ ዓቕሚ ዝኸይድን መስቀልካ ኣይሳለምን ንዝብል ሃየ ይሓምብስ ይእተዋ ክብልዩ ዘፈራረሀ። ኣነ ካብቲ ኣፈንጊጠዮ ዝነበርኩ ናብ ሲኖደሰይ ክምለስ ወሲነ ኣለኹ በለ።

ከምቱ እትብለና፣ ብዘይ ሕጋዊት ታቦት ብዙሓት ኣመንቲ ህጻውንቶም ከጠምቑን ቁዱስ ቁርባን ክወሃቡን ስጋሁ ወደሙ ክወስዱን  ክናስሑን ጸኒሖም፣ መንዩ ሓላፍነቱ? ዝብል ሕቶ ምስ ቀረበ!! ንሕና ኩልና ንወስዶ፣ ይቕረታ ከኣ ንብል ክብል መለሰ፣ መቸም! ንሱ ጥራይ እኹል እንተኾይኑ ዓበይቲን ሊቃውንትን እዮም ዝምልሱዎ።

ኣብ መደምደምታ ዝበሃል እንተሎ፣
ክቡራት ተኸታተልቲ! ካብዙ መንእሰይ ካህን ሓንቲ ጥራይ እያ ትድለን ንጽበያን፣ ንሱ ዝወስዶ መርገጽ ነጻ ኮይኑ፣ ነዛ ምስ ብጾቱ ጾይሩ ዘምጸኣሞ ተመሊሱ ከሲሱ ካብ ኣገልግሎት ኣጊዱዋ ዘሎ ታቦት፣ ምስ ሙሉእ ዘይሕጋውነታ ዘብርሀ መረዳእታ፣ ናብ ቦትኣ ክመልሳሞ! ንሱ ሓቀኛ፣  ኣማኒ ድማ ነጻ ክኸውን ኣለዎ። ብኻልእ መዳይ ክሳብ ክንድኡ ዘይ ሕጋውነታ ዘረጋገጸ እንተኾይኑ ድማ ነቱ ዘረከቦ ኣካል ከሲሱ ናብ ሕጊ ከቕርቦን ከቕጽዖን ሙሉእ መሰል ኣለዎ። ምኽንያቱ ኣብ ኣገላልጽኡ ካልእ ዘይሕጋዊ ታቦታት እውን ተዓዲሉ ኣሎ ክብል ኣተንቢሁ እዩ። እምበኣር ኣንባቢ ብጉቡእ ምእንቲ ክርዳእ፣ ኣነ ነቲ ዝበሎ ሓሶት ወይ ሓቂ ኣይኮንኩን ዝብል ዘሎኹ፣ እንታይ ደኣ! ሓቅነት ይረጋገጽ እየ ዝብል ዘሎኹ።

ብኣንጻሩ ሕጋዊ ታቦት እዩ ዝብሉ ብጾቱ ዝኾኑ ካህናት ከኣ ኣለዉ፣ መብርሂታት ክህቡውን ዕድላት ክረኽቡ ኣለዎም።

ወዲ ባሻይ  ጀርመን